HEALTH
CLUSTER

ኣምሓራን ትግራይን ኢትዮጵያ

# ኣብ ኢትዮጵያ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ናይ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና /SRH/ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP)

ገምጋም ኣፈፃፅማ

ሰነ 2025

# ድሕረ ባይታ

ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፃት፣ ድሕንነቱ ዘይተሓለወ ምንፃል ጥንሲን እኹሉ ዘይኮነ ኽንክን ወሊድ ዝኣመሰሉ ተግባራት ንሞትን ሕማማትን ዋና ዋና መንቀልታት እዮም። እዚ ከምዚ ኢሉ እንዳሃለወ ብዝተገደቡ ሃፍቲታትን ዝተቛረፀ ስርዓት ጥዕናን ምኽንያት ኣብ ግልጋሎታት ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ክፍተታት ኣለው። ንፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ግልጋሎት ዝውዕሉ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት እዞም ማሕለኻታት ብምፍታሕ ፍታሕ ዝህብ እንትኾን ኣብ ሰብኣዊ ምላሻት እውን መደበኛ ስራሕቲ ኮይኖም እዮም። ኣብ ኢትዮጵያ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ዝካየድ እዚ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ከይዲ ግምገማታት፣ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ትግበራ፣ ፅሬቱ፣ ዕንቅፋታት፣ ዘኽእሉ ኩነታትን ናይ ዋና ተዋሳእቲ ተሳትፎታትን ኣብ ምግምጋም ዘትኮረ እንትኾውን ከምኡ እውን ናይ ገንዘብ ድጋፍን ናይ ኮቪድ 19 ተፅዕኖታትን ይግምግም።

# ዓውዲ

ናይ ኢትዮጵያ ዋና ብሄራዊ ስነዳት-ፖሊሲ ጥዕና፣ ካልኣይ ዘርፊ ትልምን ትራንስፎርሜሽን ጥዕና፣ ብሄራውን ስትራተጂካውን ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና መንኣሰይ ከምኡ እውን ትልምን ስትራተጂን ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ሓዊሱ ናይ ሓደጋ ድልውነት ፣ ድልውነት ማሕበረሰባዊ ጥዕና፡ ህዝባዊ ርኢቶታት ብምቅንጃውን ግልጋሎታት ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ኣብ ተበፃሕነቶም ትኹረት ብምሃብ ኣድላይነት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ጎሊሆም ንኽረኣዩ ይገብሩ። እዞም ሰነዳት ግልጋሎታት ንተቓላዕቲ ወገናትን ጉጅለታትን ብምስፍሕፋሕ ቅድምያ ተበፃሕነት ንመንኣሰይ ብምሃብ ናይ ሪፈራል ስርዓታት ብምጥንኻር፣ ሰብኣዊ ሓገዛት ሰራሕተኛታት ብምዕባይ (መንኣሰይ ዘትኮረ ክንክን)፣ ብዓል ብዙሓት ስራሕቲ/ ዘርፍታት ብዘለዎም ስራሕትን ፃዕርታትን ዓርሰ ምክንኻን (ኣብ ግልጋሎታት ብዙሕ ኣብ ዘይርከብሉ ከባብታት) ምፍላጥ፣ ከምኡ እውን ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ምክልኻል ዘይተሓሰበ ጥንስን ትኹረት ሂቦም ክሰርሑ ከምዘለዎም ይሕብር።

ዋላ እኳ ሓገዝቲ ፖሊሲታት እንተነበሩ ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ስግኣታት ፆታ መሰረት ዝገበሩ ዓመፃትን ፆታውን ስነ ተውላዶን ጥዕና ስግኣታት ከም ዝነበሩ መረዳእታታት ይሕብሩ እዮም። እዚ ድማ ንተጎዳእቲ ዝተወሰነ ናይ ሓለዋ ኣገልግሎት፣ ግዳያት ፆታ ተኮር ጥቕዓት፣ ምንኣስ ፀብፃብ (ሪፖርት)፣ ድኹም ሃንደበታዊ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ውዳበታትን ገንዘባዊ ሓገዛትን፣ ኣብ ዕሸላት ዓብዪ ዝኾነ ዘይተሓሰበ ጥንሲ (ብፍላይ ኣብ ከባብታት ገጠር)፣ ውሑስ ዝኾነ ግልጋሎታት ብዘይ ምህላውም ምኽንያት ዝፍጠሩ ድሕንነቱ ዘይሓለወ ምንፃል ጥንሲ፣ ዓብዩ ስርጭት ናይ ኤች ኣይ ቪ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ከምኡ እውን ሰፊሕ ዝኾነ ጥቕዓት ናይ ሓዳር መፃመዲ ዘጠቓልል እዩ። እዞም ኩሉም ዝተገለፁ ኣብ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ኣሉታዊ ተፅዕኖታት ዘሕድሩ እዮም።

ክሳብ ሰነ 2024 ኣብ ኢትዮጵያ ብዋናነት ብድርቂ፣ ብዕግርግር፣ ኣብ መንጎ ማሕበረሰባት ዝፍጠር ግጭትን ዓብዪ ዝኾነ ለውጢታት ኩነታት ኣየርን ምኽንያት ከባቢ 4.5 ሚልዮን ዝኾኑ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ተፈናቐልቲን ከባቢ 933,035 ስደተንኛታትን ኣተኣናጊዳ እያ።[2] ኣብ ኣምሓራ ክልል ጥራሕ ብግምት ከባቢ 388,715 ዝኾኑ ሰባት ተፈናቒሎም እዮም። ናብ መንበሪ ገዝኦም ዝተመለሱ ድማ ከባቢ 1,386,272 ሰባት ይበፅሑ።[3] ኣብ ትግራይ ክልል ድማ ብግምት 950,000 ተፈናቐልቲ እንትኾኑ ናብ መንበሪ ገዝኦም ዝተመለሱ ወገናት ድማ ከባቢ 989,704 ይኾኑ።[4] ኣብ ቀረብ እዋን ዝተፈጠሩ ናይ ውሑጅ ምጥልቕላቕን ዝተፈጠሩ ዕግርግራትን ብፍላይ ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ናይ ምፍናቓል ፀገማት ክበዝሑ ብምግባር ሰብኣዊ ዝኾኑ ስግኣታት ክውስኹ ገይሮም እዮም።[5,6] ብፃዕሪታት ወሃብቲ ሰብኣዊ ሓገዛት ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ትግበራ ሓዊሱ ዓበይቲ ዝኾኑ ገንዘባዊ ሓገዛትን ድጎማታትን ዝደልዩ እንትኾን ኣብ ከይዲ ስርሖም ዓብዪ ጉድለታት የጋጥሞም እዩ። እዚ ድማ ንግልጋልት ጥዕና ከባቢ 47.2 ሚሊዮን ዶላር ዝግመት ክፍተታት ከምዘሎ የጠቓልል።

ኣብ ኢትዮጵያ ብጥዕና ክላስተራት ብዛዕባ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ዝወፁ ፀብፃባት ብተኸታታሊ ሩኡይ ዝኾነ ፀገማት ከምዘለው ዝሕብር እንትኾውን ብፍላይ ድማ ኣብ ሓደ ፅንዓት ዝተገበረ መሰረት ካብ 2020 ክሳብ 2021 ዘሎ እዋን ኣብ ክልል ትግራይ ውሽጢ ጥራሕ ካብ 10 ክሳብ 40 ሚኢታዊ ዝኾና ደቂ ኣነስትዮ ዝተወሰነ ግዳያት ፆታ ተኮር ጥቕዓት ኮይነን እየን። ከምኡ እውን ኣብ 2024 ብዝገደደ መንገዲ ቀፂሉ እዩ። ኣብ ክልል ኣምሓራ ድማ ግዳያት ፆታ ተኮር ጥቕዓት ክስተታት ምውሳኽን ከምኡ እውን ንድሕነት ግዳያት ዝኸውን መፅንሒ ወይ ከዓ መዕቖቢ ዝኸውን መንበሪ ወይ ናይ ግልጋሎት ሕፅረታት ተራእዮም እዮም። ምጣነ ወሊድ ዋላ እኳ እንተሃለወ ግልጋሎታት ምጣነ ስድራ ብፍላይ ድማ ኣብ ክልል ትግራይ ሐዚ እውን ብኣግባቡ ኣብ ተግባር ዘይውዕል ዘሎ ነገር እዩ።[7,8] ዓበይቲ ዝኾነ ናይ ድለየታት ዘይምምላእ እውን ከምዘለው ዝረአ ዘሎ ፀገም እዩ።

# ኣተገባብራ (ሜትዶሎጂ)

እዚ ፅንዓት ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምጥቃም ኣብ ኢዮጵያ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ዝተኻየደ እንትኾውን ኣብ ቀረባ እዋን ብዝተፈጠሩ ዕግርግራት ምኽንያት ትግበራ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ንምግምጋም ዝዓለመ ተግባር እዩ። እዚ መረዳእታ ካብ ወርሒ ታሕሳስ 2024 ክሳብ ወርሒ ጥሪ 2025 ዘለው እዋናት ዝተኣከበ እዩ። ገምጋማት ጥዕና ትካላት መሳርሒ ብምጥቃም ዝተኣከበ ቁፅራዊ መረዳእታ እንትኾን ፅሬት መረዳእታ ድማ ካብ ዋና ወሃቢ መረዳእታ ቃለ መሕተትን ጉጅለዊ ምይይጥን ብምግባር ካብ ኣባላት እቲ ማሕበረሰብ ዝተፈናቐሉ ወገናት ዝተረኸበ እዩ። እዚ ፅንዓት ብሓፈሻ ሽድሽተ ናይ ጥዕና ትካላት፣ 12 በዓል ሞያታት ጥዕና፣ ሸሞንተ ወሃብቲ ቁልፊ መረዳእታ ኣካላትን 77 ኣባላት ማሕበረሰብን ዘካተተ እንትኾን ተግባራዊነትን ፅሬት ኣግልግሎትን ዝተቓልዑ ፀገማት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ገምጊሙ እዩ። ትንተና መረዳእታ ንቁፅራዊ መረዳእታ ማሕበራዊ ሳይንስ ቁፅራዊ ፓኬጅን ኤክስኤልን ብምጥቃም ገለፅቲ ስታቲስትክስ ከምኡ እውን ፅሬት መረዳእታ ዲዱስ ብምጥቃም ናይ ትንተናታት ቴማቲክ ተጠቒሞም እዮም። ካብ ጥዕና ሚኒስተር ኢትዮጵያ ዝተረኸበ ስነ ምግባራዊ ፍቓድ ትካላዊ ናይ ምርምር ግምገማታት ስነ ምግባር ኮሚቴን ዓለም ለኻዊ መድሕን ድርጅት ውሽጥን ናይ ስነ ምግባር ፅንዓት ቦርድ ዝተረኸበ እዩ።

# ርካበታት

## መሰረተ ልምዓታትን ግንዘበታትን ተግባራዊነት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ /MISP/

ገምጋማት ናይ ጤረጴዛ ዝተረኸቡ መረዳእታታት ከምዘመላኽትዎ ከም ትካላት ጥዕና ዝበሉ መሰረተ ልምዓታት ሰፊሕ ዝኾነ ጉድኣትን ናይ በዓል ሞያታት ጥዕና ምፍንቓልን ዝበሉ ናይ መሰረተ ልምዓት ፀገማት ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ናይ ጥዕና ግልጋሎታት ንምሃብ ዓበይቲ ፅዕንቶታት ከምዝፈጠሩ ኣረዲኦም እዮም። ኣብ ክልል ትግራይ ብዙሓት ትካላት ተጓሒሎም ወይ ድማ ዓንዮም እዮም። እዚ ድማ ከባቢ 13 ሚኢታዊ ዝኾኑ ትካላት ጥራሕ ንኽሰርሑ ገይሩ እዩ።[9] ኣብ ክልል ኣምሓራ ድማ ካብ 50 ሚኢታዊ ንላዕሊ ዝኾኑ ጥዕና ትካላት ተጎዲኦም እዮም።[10] እዚ ድማ ኣብ ዝተረፉ ትካላት ብጣዕሚ ዓብዪ ዝኾነ ናይ ሕሙማን ቁፅሪ ንኽበዝሕ ገይሩ እዩ። ቀፃልነት ዘለዎ ግጭት ንስርዓት ሓለዋ ጥዕና ኣዐርዩ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ዘእተወ እንትኾን ሰራሕተኛታት በዓል ሞያ ጥዕና እውን ግዳይ እቲ ፀገም ከምዝኾኑን ትካላት ጥዕና እውን ከምዝተጓሓሉን ሪፖርት ገይሮም እዮም።[1]

ኣብ ክልል ትግራይ ዝርከቡ ናይ ወረዳታት ሆስፒታላት ብግምት 2 ሚልዮን ዝኾን ህዝቢ ከገልግል ዝኽእል እንትኾውን ሕድሕድ ጥዕና ጣብያ ድማ 32,540 ዝኾን በዝሒ ህዝቢ የገልግላ እየን ። መሰረታዊ ግልጋሎታት ዓበይቲ መተሓሳሰብቲ ጉዳያት እዮም። እዚ ፅንዓት ትካላት ጥዕና ብዝሕብሮ መሰረት 40 ሚኢታዊ ዝኾና ጥዕና ጣብያታት ጥራሕ መተኣማማኒ ናይ ኤሌክትሪክ ሓይሊ ዘለወን እንትኾና 60 ሚኢታዊ ጥራሕ ድማ ዝሰርሕ ናይ ማይ ቀረብ ረኺበን እየን። ቁልፊ ናይ ሪፈራል ትካል ዝኾነ ስሑል ሽረ ሆስፒታል ለይትን ቀትርን ናይ ኤለክትሪክን ማይን ሕፀረት ነይርዎ እዩ። እዚ ከምዚ እንዳሃለወ ኩለን ትካላት ፆታ ዘማእኸለ ናይ ሰራሕተኛ ምደባታት ዝሓለዋ እንትኾን እንተነኣሰ ሓደ ብቕዓት ዘለዎ በዓል ሞያ ጥዕና ለይትን ቀትርን ግልጋሎት ንምሃብ ድልው ነይሩ።

እዚ መፅናዕቲ ከምዝሕብሮ ኣብ ዙርያ ዝተሓተ ናይ መጀምረታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ዘሎ ርድኢት ዝተፈለላለየ ከምዝነበረ እዩ። ብደረጃ ፌደራል ካብ ዝተሳተፉ ወሃብቲ ዋና መረዳእታ (ብፍላይ ናይ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ጉጅለ ስራሕ ውሽጢ ዘለው) ኣብ ፃዕርታት ሃንደበታዊ ምላሽ፣ ብመርበብ ሓበሬታ ዝወሃቡ ስልጠናታትን ብኣካል ዝወሃቡ ትምህርትታትን ኣብ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ሽድሽቲኦም ቀንዲ ቀንዲ ዕላማታት ጠንካራ ርድኢት ኣርእዮም እዮም። ብተነፃፃሪ ድማ ናይ ክልል ሰራሕተኛታት ዝተወሰኑ ጥራሕ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ስልጠና ከምዝወሰዱ ሪፖርት ገይሮም እዮም። ብዙሓት መሰረታዊ ርድኢት ዋላ እኳ እንተሃለዎም ሽድሽቲኦም ዕላማታት ብግልፂ ምዝርዛር ወይ ምግላፅ ዝኽኣሉ ውሑዳት እዮም ነይሮም። ብፍላይ ኣብ ምጣነ ስዳራን መሰረታዊ ድንገተኛ ናይ ሓራሳትን ህፃናን ክንክንን ዘርፍታት፣ ናይ ስልጠና ክፍተታት ከምዘለው ብግልፂ ተራእዮም እዮም። ብኽልል ደረጃ ንመደበኛ ናይ ዓቕሚ ምዕባይ ፃዕሪታት ቀንዲ ዕንቅፋታት ዝኾኑ ብምኽንያት ቀፃልነት ዘለዎ ግጭት ዝመፅእ ናይ ድሕንነት ምጉዳልን ሕፀረት በጀትን እዮም።

**66.7%**
(ካብ 6 ውሽጢ ኣርባዕቲኦም) ትካላት ጥዕና ፆታ ፈልዮም ዝተሰርሑን እኹል ናይ ደገ መብራህቲ ዘለዎም ሽቓቶት ኣለዎም።

**83.3%**
ዝኾኑ ትካላት ብውሽጢ ዝቑለፉ ሽቓቶት ኣለዎም። እዚ ድማ ንስግኣት ፆታ ተኮር ዝገበረ ጥቕዓት ንምቕናስ ናይ ድሕንነት መለክዒ እዩ።

**50**
በዓል ሞያታት ጥዕና ብሃገር ደረጃ ብናይ ሓዳር መፃመዲ ጥቕዓት ሓዊሱ ብጠቕላላ ናይ ሕክምና ግብረ መልሲ ሓፈሻዊ ስልጠና ተዋሂብዎም እዩ።

**184**
ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ ክስተታት ፆታዊ ጥቕዓት ኣብ ዝተመረፁ ኣርባዕተ ናይ ጥዕና ትካላት (ኣብ ትግራይ 1ን ኣብ ኣምሓራ 3) ሪፖርት ተገርዩ እዩ።

**<50%**
ዝኾኑ ግዳያት እዚ ጉድኣት ጥራሕ ድሕሪ እቲ ሕማም ምግላፆም ናይ መከላኸሊ ሕክምናን ካልኦት ጊዘ ዝሓቱ ኣገልግሎታትን ንምርካብ ወሳኒ ብዝኾነ መንገዲ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ናብ ጥዕና ትካላት ቀሪቦም እዮም።

**ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 1፡**

## ውዳበታትን መሪሕነትን

ተግባራውነት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ኣብ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ንምትሕብባር፤ ሓላፊነት ዝተዋሃበ መራሒ ኤጀንሲ ዝሓትት እዩ። ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተፀንዑን ወሃብቲ መረዳእታ ኣካላት ብዝሃብዎ ሓበሬታ መሰርት፣ ብሃገር ለኸ ደረጃ ብኢንስቲትዩት ሕብረተሰብ ጥዕና ኣቢሉ ብሚኒስተር ጥዕና ዝምራሕ ኮይኑ UNFPA ድማ ሓጋዚ ኣቦ ወንበር ኮይኑ የገልግል። ብደረጃ ኽልል ድማ እዚ ውዳበ በቢኸባቢኡ ዘሎ ኹነታት ፖለቲካን ፀጥታን መሰረት ተገይሩ ተስተኻኺሉ እዩ።

ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብ መንጎ ጉጅለ ዕጡቓት ሓይልታትን ፌደራል መንግስትን ዘሎ ቀፃልነት ዘለዎ ግጭት ብምህላዉ ብመንግስቲ ዝምርሑ ወዳበታት ብኣብዛሓ ፈሪሶም እዮም። (ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2025 ዝተወደአ ምእካብ መረዳእታ መሰረት) ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዘለው ናይ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ውዳበታት ዝተበታተኑ እዮም። ናይ መንግስታዊ ኣካላት ቀጥታዊ ተሳትፎ ብጣዕሚ ዝነኣሰ ምኺኑ ስዒቡ እቲ ውዳበታት ኣብ ናይ ዩኤስ ኤ ኣይዲ ፎረምን ካልኦት ገበርቲ ሰናይ ድርጅታት ግብረ ሓይሊ ትግበራን መድረኻት ብዝለዓለ ደረጃ ፅግዕተኛ ኮይኑ እዩ። ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ፣ ፆታ ተኮር ጥቕዓትን ኤች ኣይ ቪን ኣብ ሞንጎ ንኡሳን ናይ ስራሕ ጉጅለታት ዘሎ ውዳበታት/ትሕብብር/ ዝተሓተ ከም ዝኾነ ዝተረጋገፀ እንትኸውን ዝተዋቐረ ውዳበታት እውን ውሱን እዩ። ናይ ንኡሳን ክላስተራት ስብሰባታት መደበኛ ዘይኮኑን ቀፃልነት ዝጎደሎምን ብምኺኖም ውፂኢታዊ ዝኾነ ናይ ግልጋሎታት ውህደትን ኣጠቓቕማ ሃፍትን ገዲቦም እዮም።

ብተነፃፃሪ ኣብ ክልል ትግራይ ናይ መዳርግቲ ኣካላት ፃዕሪታት ጥንኩር ምኺኑን ናይ ክልል መንግስቲ ንቑሕ ዝኾነ ተሳትፎታት እንዳተረኣየ እዩ። ኣብ ትግራይ ዝሰርሕ ናይቲ ክልል መንግስቲ ኣብ ዘይብሉ እዋን ኣብቲ ግጭት ብዝለዓለ ድረጃ ዩ ኤን ኤፍ ፒ ኤ ነቲ መሪሕነት ወሲዱ ይሰርሕ ነይሩ። ድሕሪ እቲ ግጭት እውን ናይ ሕብረት መዋቕራት ኣብ ትሕቲ ናይቲ ክልል ጥዕና ቢሮ ከምብሓዱሽ ተመስሪቱ። ከምናይ ሓደ ሓደ ወሃብቲ መረዳእታት ገለፃ፤ ሐዚ ዘሎ ንቑሕ ደጋፍን ክትትልን ናይ ትካላት ጥዕና ግልጋሎታት ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ፅሬትን ምምሕያሻትን እንዳርኣየ እንትኸውን ዕላምኡ ድማ ብመሰረታዊ ናይ መጀመርታ ግልጋሎታት ፓኬጅ ተግባራውነት ናብ ዝበለፀ ደረጃን ንኹሉ ዝሓወሰ ናይ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ንምስግጋርን እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ብዝተገበረ ናይ ክልል ምላሽ ምስናይ ሃገር ደረጃ (ሚኒስተር ሓለዋ ጥዕና) ፃዕሪታት እንትነፃፀር ዝሓሸ ናይ ኣመራርሓን ውዳበታትን ኣርእዩ እዩ። መፅናዕትታት ከምዘመላኽትዎ ትግራይ ካብ ክልላት ዓፋርን ኣምሓራን ዝሓሸን ዝፀነዐ ናይ ሃፍቲ ትኹረትን ረኺባ እያ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ክልላት ዘሎ ናይ ሰብኣዊ ሓገዛት ፍልልይ ግልፂ ገይሩ የርኢ እዩ። ይኹን እምበር ጠንካራ መሪሕነትን ተወሳኺ ሃፍትን እንተነበሩ እኳ ኣብ ክልል ትግራይ ሙሉእ ንሙሉእ ውፂኢታዊ ዝኾነ ውዳበ ኣይተረኸበን።

### ኣብ ዙርያ ፆታ ተኮር ጥቕዓት ስግኣታት ደቂ ኣነስትዮን

- ናብ ጥዕና ትካላት ንምኻድ ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ርሕቀት፣ እዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ድሕንነቱ ብዘይሓለው ከባቢታት ይሓልፉ።
- ኣብ መዕቖቢ ተፈናቐልቲ ውሽጢ ውሑስ ዘይኮኑ ናይ መፅለሊ፣ እቶም ምፅለልቲ እውን ብዙሕ ግዜ እሙን ሓላዊ ወይ ድማ ምስጥር ዘይሕሉ፣ ብቐሊሉ ክቅደዱ ዝኽእሉ ረቀቕቲ ፕላሲትካትን ኣንሶላታትን ዝተሰርሑ እዮም።
- ብናይ ሓዳር ዓርኪ ዝግበር ዓመፅ ኣብት ውሽጢ እቲ ማሕበረሰብ ኮነ ኣብ ሰብኣዊ ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላት ሽለል ምባል
- ድሕነቱ ዘይሓለው ጉዕዞ ናብ ቤት ትምህርቲን ሕፀረት መኃዓዝያን፣ እዚ እውን ብፍላይ ንዕሽላት ደቂ ኣነስትዮ ዘሕድሮ ተፅዕኖ ከቢድ እዩ።
- እክብ ዝበለ ናይ መንበሪ ኸባቢ ብፍላይ ድማ ከም ሽቓቕ ኣብ ዘለው ናይ ሓባር ወሃብቲ ኣገልግሎታት ናይ ምውኻብ ስግኣታት ይውስኹ እዮም።.

### ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 2፡

## ምክልኻል ፆታዊ ዓመፅን ምእላይ ዘስዕቦ ሳዕቤናትን

ኣብ ኢትዮጵያ ብሰንኪ ግጭት ዝተጎድኡ ወገና ኣብ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ዘሎ ምስፍሕፋሕ ፆታ ተኮር ጥቕዓት ቀፂሉ እዩ። ሓገዛትን ፃዕረታትን ውዳበታት ኣብ ምክልኻል ፆታ ተኮር ጥቕዓት ከከም ክልሉ ይፈላለ እዩ። ከም ወሃብቲ መረዳእታ ገለፃ መሰረት ኣብ ክልል ኣምሓራ ፆታ ተኮር ጥቕዓት ንምክልኻልን ንምሕጋዝን ብኣግባቡ ዝተወደበ ኣይኮነን። ኣቕርቦት ሃፍቲ እውን ውሱን እዩ። ብንፅፅር ኣብ ክልል ትግራይ እዚ ፃዕረታት ዝሓሸን ጠንካራን እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ምስ ካላኦት ናይ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና እንትነፃፀር ኣብ ምሕጋዝን ምክልኻልን ፆታ ተኮር ጥቕዓት ዝሓሸ ጥንካረ ኣሎ። እዚ ድማ በቲ ናይቲ ክልል መንግስቲ ዝተወሰዱ ስጉምቲታት ዝመፀ እዩ። እዚ ድማ በብሕድሕዶም ትካላት እንተነኣሰ ክልተ በዓል ሞያታት ጥዕና ኣብ ምሕካም ኣገዲድካ ምድፋር ስልጠና ምሃብ፣ ናይ ፆታ ተኮር ጥቕዓት ፕሮቶኮልን መምርሒታትን ናብ ትግርኛ ቋንቋ ብምትርጓምን ምስርጫውን (ብውድብ ጥዕና ዓለም፣ ዩ ኤን ኤፍ ፒ ኤን ካልኦት ናይ ሰብኣዊ ሓገዝ ትካላትን ) እዮም።

ኣብ ኩሉም መመርመሪ ትካላት ውሽጢ ንዝተፈላለዩ ናይ ጉድኣት ደረጃታት ዝተጋለፁን ናይ ፆታዊ ጥቅዓት ተጎዳእትን ወገናት ሕክምናዊ ሓገዛትን ክንክንን ተዋሂብዎም እዩ። እዚ ድማ ከም ግልጋሎት ፕሮፊላክሲስ፣ መከላኸሊ ዘይተሓሰበ ጥንሲ፣ ሕክምና ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለሉ ሕማምትን፣ ምርመራ ጥንሲ፣ ብሕጊ ዝፈቅዶ መሰረት ድሕንነቱ ዝተሓለወ ናይ ጥንሲ ምውራድን ክንክንን/ ሪፈራል ስርዓትን ከማኡውን ሪፈራል ንሳይኮሶሻልን ሕጋዊ ከለላን ድጋፍ ምግባር ዝሓወሰ እዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ትካላት ብዙሕ ግዜ ሕቡእን ምስጢሩ ዝተሓለወን ናይ ግልጋሎት ቦታ ሕፀረት ነይርዎም እዩ። ንተፈናቐልቲ መዕቖቢታት ድማ ድሕንነቱ ዘይተሓለወ፣ ቀለልቲ ዝኾኑ መፅለልትን ድሕነነቶም ዘይሓለዉ ሽቓቓትን ብምህላዎም ስግኣታት ኣብ ምውሳኽ ዓብዪ ኣስተዋፅኦታት ገይሮም እዮም።

ኣወሃህባ ካልኦት ግልጋሎታት እውን ቀፃልነት ዝጎደሎም እዮም። መረዳእታት ከምዝሕብርዎ ናይ ፆታ ተኮር ጥቕዓት ተጎዳእቲ ወገናት ንምሕጋዝ ኣብ ክልቲኦን ክልላት ዘለው ብዙሓት ከተማታት ድሕንነቶም ዝተሓለዉ መንበሪ ገዛውቲ ተመስሪቶም እዮም። ይኹን እምበር ንድንገተኛ ግልጋሎት ዝውዕል ገንዘባዊ ድጋፍ ኣብ መብዛሕቲኦም ፕሮጀክትታት ብምቁራፁ ምኽንያት ይተኣጓጎል እዩ። ኣብ ምሕዋይ ከይዲ ውሽጢ ዘለው ቀፃልነት ዘለዎም ፀገማት ድማ ንባዓል ድርሻ ኣካላት ድጋፍ ኣብ ዝረኽብሉ ጊዘ ንተጎዳእቲ ምስጢራውነት ምሕላው እዩ።

ብሚድዋይፈሪታት ዝምርሑ ምስ ማሕበረሰብ ዝግበሩ ምይይጣት ምስ ኣፍልጦ ዘለውም ሰባት ዝግበሩ ዝርርባት (ንኣብነት መራሕቲ ሃይማኖት፣ ጥዕና ኤክስቴሽን ሰራሕተኛታት፣ ምስ ወረዳ ሓለፍቲ፣) ንነፍሰ ፁር ደቂ ኣነስትዮን ዝገበሩ ኣኼባታት ብዛዕባ ፆታ ተኮር ጥቕዓትን ኣገልግሎታትን ዘለው ውፅኢታዊ ዘይኮኑ ግንዛበ ማሕበረሰብ ምምሕያሽ ፃዕረታት ተገይሮም እዮም። ይኹን እምበር ኣብ ዘለዉ ግልጋሎታት ዘሎ ግንዛበ ናይቲ ማሕበረሰብ ትሑት እዩ ነይሩ።

ማሕበራዊ ምግላል ድማ ንተጎዳእቲ ሓገዝ ካብ ምሕታት ዓብዪ ዝኾነ ስግኣት ብምዃን ንኽቑጠቡ ገይሩ እዩ። ብፍላይ ድማ ንዕሸላት ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምግላል ስግኣት ስለዝሓድረን ማሕበራዊ ናብራአን ፈልየን ብምፃእን ናይ ሓዳር ዕድለን ምጥፋእን ስለዝበፀሐን ዓመፅ ከይናገራ ገይሩወን እዩ።

ከምኡ እውን ፆታ ተኮር ጥቕዓት ብፍላይ ኣብ ሰብ ሓዳር ዘሎ ናይ ማሕበረሰብ ግንዛበ ምፍጣር ውሱን እዩ። ኣብ ክልል ትግራይ ወሃብቲ ዋና መረዳእታ ከምዝገለፅዎ ምስ ግጭት ዝተተሓሓዘ ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ብዝበኣሰ መሰቀቒ ከም ዝኾነን በዚ ድማ ዝሓሸ ትኹረት ክወሃቦ ይግባእ ተባሂሉ ይሕሰብ። እዚ ድማ ኣብ በዓል ሓዳር ወገናት ኣብ ውሽጢ ገዛ/ሓዳር ባእሲ ኣብ መነባብረኦም ትኹረት ከይህቡ ይገብር። ንሳቶም ድማ መደበኛ ኾይኖም ምቕፃል ወይ ድማ ሸለል ተባሂሎም ምሕላፎም ዘይቀሪ እዩ። ወሃብቲ ቁልፊ መረዳእታ ወገናት ኣብ ክልቲአን ክልላት ኣገዲድካ ናይ ምድፋር ክስተታት ሪፖርት ምግባር ሐዚ እውን ብጣዕሚ ትሑት ምዃኑን ትኹረት ክወሃበሉ ከምዘለዎ ሓቢሮም። .

**27.3%**

ናይ SRH ወሃብቲ ኣገልግሎት ይኣምኑ “PrEP (ቅድሚ ምቅላዕ ምክልኻል) ካብ ተመሳሳሊ ጾታ ዝምድና ዘለዎም ሰባትን ሰራሕተኛታት ጾታዊ ርክብን ክኽልከል ኣለዎ” ዝብል ሞራላዊ ፍርዲ ብምጥቃስ።

**33.3%**

መቕረብቲ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ካብ መምርሕታት ውድብ ጥዕና ዓለም (WHO) ብተቓራኒ “ኤችኣይቪ ዘለወን ኣዴታት ART እንተወሰዳ እኳ ዕሸላት ከጥቡዋ የብለንን” ኢሎም ይኣምኑ።

### ኣብ ግልጋሎታት ምክልኻል ኤችኣይቪ/ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን (STIs) ዘለው ተወሰኽቲ ክፍተታት፡-

- ኣብ ክልል ኣምሓራ ካብ ዝርከባ ሰለስተ ትካላት ጥዕና እታ ሓንቲ ጥራይ ንቀፀልቲ ተጠቀምቲ ናይ ARV ሕክምና ፕሮቶኮላት ኣለዋ።
- ካብ ሽድሽቲኦን ትካላት ጥዕና እታ ሓንቲ ጥራይ ናይ ሄፓታይተስ ቢ ክትባትን ናይ ሄፓታይተስ ቢ ኢሚውግኖሎቡሊን ትህብ።
- ናይ ኤችኣይቪ መመርመርቲ ኣቑሑት፣ ናይ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን (STIs) ምርመራታትን ARTን ምስ ካልኦት ግልጋሎታትት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ኣይተወሃሃዱን።
- ኣብ ዝርገሐ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን (STIs) እኹል መረዳእታ ኣይርከብን።
- ኣብ ናይ መፅለሊ ተፈናቐልቲ ክሊኒካት ውሽጢ ሕፀረት ብቕዓት ዘለዎም መቕረብቲ ግልጋሎት ጥዕናን ምስ ኤችኣይቪ ዝነብሩ ሰባት (PLHIV) ዝተተሓሓዘ ናይ ማ/ሰብ ምግላል ምህላው።

**ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 3፡**

## ምክልኻል ኤች ኣይ ቪን ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን

ካብ መፅናዕቲ ዝተኻየደሎም ትካላት ጥዕና ብሓፈሻ ወሰንቲ ዝኾኑ ምስ ኤች ኣይ ቪ ዝተተሓሓዙ ኣገልግሎታትን መምርሒታትን ዋላ እኳ እንተቀረቡ ኣብ ሰራሕተኛታት ስልጠናን ናይ ኣተሓሳስባ ዙርያ ክፍተታት ኣለው እዮም። ኩሉም ዝተፅንዑ ትካላት ኣብ ምልክታት ዝተመስረተ ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ምሕካም፣ ካብ ኣደ ናብ ህፃን/ውላድ ዝመሓላለፍ ናይ ኤች ኣይ ቪ ሕማም ምክልኻልን ፀረ ኤች ኣይ ቪ ህክምና ንተጠቀምቲ ሰባት ይህቡ እዮም። ምክልኻል ረኽስን ምክፍፋል ኮንዶምን ምርመራን ተግባርዊ ኮይኖም እዮም። ኣብ ፆታውን ስነ ተዋልዶን ጥዕና ብዝተገበረ መፅናዕቲ ዝተረኸበ መረዳእታ መሰረት ካብ ዝተመረፁ ዓሰርተ ክልተ በዓል ሞያታት ጥዕና ውሽጢ እቶም ሽድሽተ (ፍርቂ) ናይ መክላኸሊ ሕክምና (ፕሮፊላክሲስ) ስልጠና ወይ ድማ መምርሒ ረኺቦም እዮም። ተመሳሳሊ ቁፅሪ ዘለዎም በዓል ሞያታት ድማ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ውሽጢ ካብ ፆታዊ ጥቅዓት ወይ ድማ ካብ ድሕሪ ሓደጋ ጊዘ ኤች ኣይ ቪ ንምክልኻል ናይ ድሕሪ ጥቅዓት ሕክምናታት ረኺቦም እዮም።

ናይ ፅሬት ቃለመሕተታት ከምዘርኣይዎ፣ እቲ ማ/ሰብ ኣብ ኤችኣይቪ/ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን (STIs) ዘለዎ ግንዛበ ብኣንፃራዊ ጠንካራ ይመስል። ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ ከም ኣጠቓቕማ ኮንዶምን ውሕስ ናይ ፆታዊ ርክባትን ልምድታትን ዝኣመሰሉ ሜላታት መከላኸሊ ፉሉጣት እዮም። ኾይኑግና ናብቶም ቑልፊ ክፋላት ማ/ሰብ ማለት እውን ሰራሕተኛታት ፆታዊ ርክብን ተጠቀምቲ መዐወንቲ ሓሸሻትን ናይ ምብፃሕ ስራሕ ፈፂሙ ዘይረአ ነይሩ። እቶም ኣባላት ማ/ሰብ ናይ ኤችኣይቪ/ኤድስ ግንዛበ ናይ ምፍጣር ስራሕ ምንካዩ ኣጉሊሆም ዘርኣዩ እንትኸውን፣ ኣብ ብዙሓት ናይ ፆታዊ ርክብ መሓዙት ዘለውወን ደቂ ኣንስትዮን ሰራሕተኛታት ፆታዊ ርክብን ትኹረት ዝገበረ ትምህርቲ ወይድማ እታዎታት መከላኸሊ ይጎድለን እዩ። ብተወሳኺ ኤችኣይቪ ምስ ዝህልዎም ሰባት (PLHIV) ዝተተሓሓዘ ናይ ማ/ሰብ ምግላል ኣዝዩ ዝተለመደ ብምኳኑ፣ ዝበለፀ ናይ ማ/ሰብ ግንዛበ ከምዘድሊ የርኢ።

ናይ ኤችኣይቪ ምላሽ ፃዕርታት ውሱናት ነይሮም። ቑልፊ ሓበሬታ ወሃብትን ኣባላት ማ/ሰብን ከምዝገለፅዎ፣ ሕፀረት ቐረባትን እኹል ዘይኮነ ናይ ላቦራቶሪ ምርመራን ኣድማዒ ናይ ኤችኣይቪ ምላሽ ስራሕቲ ከይስርሑ ማሕለኻ ኮይኖም እዮም፣ ብፍላይ ሕፀረት መመርመሪ መሳርሕታትን ብቑዓት ሰራሕተኛታትን ኣብ ዘለውዎም መፅለሊ ተፈናቐልቲ። ግልጋሎታት መናውሒ ዕድመ (ART) ምስቲ ሰፊሕ ግልጋሎታት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ኣይተወሃሃዱን ነይሮም፣ ከምኡውን ንሕክምና ናብ ካሊእ ቦታ ክጓዓዙን ናብ ደገ ሪረፍር ክበሃሉን ነይርዎም።

**ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 4፦**

## ምክልኻል ሕማምን ሞትን ኣዴታትን ዕሸላትን

ኣብተን ናይ መፅናዕቲ ክልላት ናይ ኣዴታትን ዕሸላትን ጥዕና ውፅኢት ዘተሓሳስብ ኮይኑ ቀፂሉ ኣሎ። ኣብ እዋን ጎንፂ ሞት ዕሸላት ወሲኹ ተባሂሉ ሪፓርት ተገይሩ እዩ። ኣብ ትግራይ ቅድሚ ጎንፂ ምስ ዝነበረ ግዘ (2019)[11] እንትነፃፀር ኣብ ሞንጎ 2020 ከምኡውን ኣብ 2022 ሞት ዕሸላት ብልዑል ብርኪ ወሲኹ እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ክልል ኣምሓራ ምክልኻል ዝከኣሉ ናይ ዕሸላት ሞት ኣብ ዝለዓለ ብርኪ በፂሑ እዩ።[12]

ምዘና ትካላት ከምዘረጋገፀዎ፣ ኣብ ኩለን ዝተመርመራ ቦታታት ናይ ስሩዕ ግልጋሎት ወሊድ ድጋፍ እንተተገበረ እኳ፣ ሃንደበታዊ ክንክንን ማሕበራዊ ድጋፍን እኹል ኣይነበረን። ሆስፒታል ሱሑል ሽረ ጥራይ ሓፈሻዊ ግልጋሎት ሃንደበታዊ ወሊድን ክንክን ዕሸላትን (CEmONC) መውሃቢ ቦታ ተባሂሉ ዝተሰየመ ብምኳኑ ፣ ሙሉእ ግልጋሎት ሃንደበታዊ ወሊድን ክንክን ዕሸላትን (CEmONC) ይህብ።

ናይ ትካላት መፅናዕቲ ከምዘረጋገፆ፣ ስሩዕ ወሊድ ኣብ ኩለን ዝተገምገማ ከባብታ ድጋፍ እንትግበረለን፣ ናይ ህፁፅ ግዘ ክንክንን ማሕበራዊ ተሳትፎን ግን እኹል ኣይነበረን። ስሑል ሽረ ሆስፒታል ንብሕታ ሙሉእ ኹለንተናዊ ህፁፅ ክንክን ወሊድን ዕሸላትን (CEmONC) ግልጋሎታት ትህብ፣ ምኽንያቱ እዚ ሆስፒታል ማእኸል መውሃቢ

**50%**
ፅንዓት ካብ ዝተገበረለን መቕረብቲ ግልጋሎት SRH ምጣነ ስድራ፣ ጥዕና ቆልዑ፣ ጥዕና ኣዴታት (ክንክን ምውዳድ ጥንሲ) ሓዊሱ ኣብ ቐንዲ ኣርእስትታት ስሩዕ ስልጠና ወይድማ ሜንተርሺፕ ረኺበን እየን።

**33.3%**
መቕረብቲ ግልጋሎት SRH ኣብ ዝሓለፉ 24 ኣዋርሕ ስልጠና MISP ረኺበን እየን።

**54.5%**
መቕረብቲ ግልጋሎት SRH ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሓገዝ ቫክዩም ኤክስትራክተር ዝግበር ናይ ብልዕቲ ወሊድ፣ ባግ ኤንድ ማስክ ብምጥቃም ዕሸላት ምንቃሕን ናይ ዕሸል ረኽሲ ናይ ምቁፅፃርን ስልጠና ረኺበን እየን።

**54.5%**
መቕረብቲ ግልጋሎት እዞም ግልጋሎታት እዚኦም ኣብ ዝሓለፉ ሰሰስተ ኣዋርሕ ውሽጢ እንተዋሓደ ሓደ ግዘ ሂበን እየን።

ግልጋሎት CEmONC ተባሂሉ ስለዝተመደበ እዩ። እተን ዝተረፋ ትካላት ድማ መሰረታዊ ህፁፅ ናይ ወሊድን ዕሽላትን ክንክን (BEmONC) ግልጋሎት ጥራይ ንክህባ ዝተመደባ እየን። ካብቲ ናይ ጥዕና ትካላት ምዘና ዝተረኸቡ ሓበሬታት ከምዝሕብርዎ፣ ማ/ሰባት ንስሩዕ ወሊድ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝሰልጠኑ ሰብሞያ ምህላውን ከምኡውን ናይ ጥንሲ ዝተሓላለኹ ፀገማት ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ምህላዎም ብዝምልከት ሓበሬታ ተዋሂብዎም እዩ። ይኹን እምበር ትካላት ጥዕና ምስ ካልኦት ዛዕባታት ጥዕና እንትነፃፀር ብዛዕባ BEmONCን CEmONCን ዝተሓተ ሓበሬታ ይህባ፣ ከምኡውን ማ/ሰባት ብዛዕባ ግልጋሎታት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ  ጥሙር ግልጋሎት (MISP)/ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ምህላው ንምሕባር "ኣብ ትካላት ጥዕና ዝወሃብ ናይ ጥዕና ትምህርቲ" ብውሑዱ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ሜላ ምትሕልላፍ ሓበሬታ እዩ።

እተን ዝተገምገማ ሽድሽቲአን ትካላት ጥዕና ምምኻር ምጣነ ስድራ፣ ግልጋሎታት ጥዕና ስነ-ተዋልዶን ካልኦት ሓፈሻዊ ግልጋሎታት ጥዕናን ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ክንክን ድሕሪ ምንፃል ጥንሲ የቕርባ እየን። ንክንክን ድሕሪ ምንፃል ጥንሲ ብስፍሓት ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ሜላታት ብመድሓኒት ተጠቂምካ ምንፃልን ኤሌክትሪክ/ማኑዋል ቫኩዩም አስፓይሬሽንን እዮም።


ስርዓታት ሪፈራል ድማ ዓበይቲ ድኽመታት ነይሮም። ካብተን ትካላት ውሽጢ ክልተ ካብ ሰለስተ ጥራይ ዝሰርሕ ስርዓት መጓዓዝያ ነይርወን። ካብ ሞንጎ እተን ሽድሽተ ትካላት ጥዕና እተን ሓሙሽተ ጥራይ ናይ ህፁፅ ግዘ ሪፈራል ግልጋሎት መጓዓዝያ ዝህባ እንትኸውን፣ እታ ሓንቲ ትካል ግና ዓማዊል ብጥረ ገንዘብ ክኸፍሉ ትሓት እያ። ብሰንኪ ሕፀረት ነዳድን ፀገማት ፅገናን ብዙሓት ኣምቡላንሳት ካብ ግልጋሎት ወፃኢ ነይረን። ኣብ ገለ ኹነታት፣ ስድራ ናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ከዳልውን ክኸፍሉን ዝግደዱ እንትኸውን፣ ሓደሓደ ግዘ ድማ ናይ ዕንፀይቲ ቃሬዛን ስሩዕ ዘይኮኑ ተሽከርከርትን ንምጥቃም ይግደዱ ነይሮም።

ኣብ ጉጅለ ትኹረት ዝተሳተፉ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ብሰንኪ ናይ ኣምቡላንስ ምዝንጋዕ፣ ኣደ ደም እናፈሰሳ እውን እንተኾነ በቶም መቕረብቲ ግልጋሎት ዘይምዕጃብ፣ ከምኡውን ግልጋሎታት ክትትል ብዘይምህላው ምኽንያት ኣብ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ክንክን ምዝንጋዕ ከምዘጋጠመን ሪፓርት ገይረን እየን። ናይ ዝሰልጠኑ ሰብሞያ ጥዕና ተረካብነት እውን ውስን ነይሩ፤ ካብቶም ዝተገምገሙ ግልጋሎት መቕረብቲ ኣብ ዝሓለፉ 24 ኣዋርሕ ናይ ቖንዲ ግልጋሎት ኣዴታትን ዕሽላትን ሓዊሱ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ  ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ስሩዕ ስልጠና ዝረኸቡ ትሕቲ ፍርቂ ዝኾኑ ጥራይ እዮም። ፅሬቶም ዝሓለው ናይ ሕርሲ ኪታት ብዘይምዕሩይ ተዘርጊሖም ነይሮም፣ እቲ ማ/ሰብ እውን ነዚኦም ክረክብ ከምዝኽእል ዘለዎ ግንዛበ ድሩት ነይሩ። እዞም ተበፃሕነት፣ ሕፀረት ሃብትታትን ክፍተታት ፅሬት ጥዕናን ናይ ኣዴታት ውፅኢታት ጥዕና ኣብ ሓደጋ ኣውዲቖምዎ እዮም።

ብናይ መቕረብቲ ጥዕና ስነ-ተዋልዶ ዳህሳስ መረዳእታ መሰረት፣ መብዛሕትኦም መቕረብቲ ግልጋሎት ኣብ ንክትትል ጥንሲ ናብ ትካላት ጥዕና ምኻድ፣ ክንክን ዕሽላት፣ ከምኡውን ሰብኣይን ሰበይትን ንጥዕና ደቆም ዘለዎም ሓላፍነት ብዝምልከት ኣዎንታዊ ኣመለኻኽታ ኣለዎም።

ስእሊ 1፡-

## ኣመለኻኽታ መቕረብቲ ግልጋሎት ኣብ ክንክን ኣደን ዕሽላትን (N=12)




**ሰደቓ 1፡-**

## ምስ ምጣነ ስድራ/መከላኸሊ ጥንሲ ዝተተሓሓዙ ሕቶታት፣ ትኽክለኛ መልሲ ናይ ዝሃቡ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) መቕረብቲ ግልጋሎት ሚእታዊ (N=12)

| መቕረቢ ግልጋሎት ዝፈልጦ | Percent |
|---|---|
| ንመናእሰይ፣ ዘይተመርዓዋ ዲቂ ኣንስትዮ ዝስማዕምዑ ሜላታት መከላኸሊ ጥንሲ | 83.3 |
| ምንፃል ጥንሲ ስዒቦም ንዝተፈጠሩ ሕልኽላኻት ሕክምና ምስተገበረ፣ እታ መንእሰይ፣ ዘይተሞርዓወት ጓል ኣንስተይቲ መከላኸሊ ጥንሲ ክትወሃብ ዘለዋ መዓዝ ከምዝኾነ | 75.0 |
| ብናይ ሕክምና በዓልሞያ ብዘይኮኑ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታት ክወሃቡ ዝኽእሉ መከላኸሊ ጥንስታት ንኣብነት ብሰራሕተኛታት ጥሙር ጥዕና ማ/ሰብ | 66.7 |
| መደባት ንዓማዊል ምጣነ ስድራ ብኸመይ ብዝበለፀ ቕቡልነት ዘለዎን ተበፃሕን ክገብሩ ከምዝኽእሉ | 58.3 |
| ምስ ወለዳ ድሕሪ ሽድሽተ ሰሙናት ጡብ ንዘጥቡዋ ኣዴታት ክጥቀማሉ ዝኽእላ ሜላታት መከላኸሊ ጥንሲ | 58.3 |
| ጥንቃቐ ዝጎደሎ ፆታዊ ርክብ ድሕሪ ምፍፃሙ ክሳብ 5 መዓልትታት ጥንሲ ንምክልኻል ከም ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ ዘገልግሉ ሜላታት መከላኸሊ ጥንሲ | 41.7 |

**ስእሊ 2፡-**

## ኣመለኻኽታ ወሃብቲ ግልጋሎት ኣብ ትልሚ ስድራን መከላኸሊ ጥንስን (N=12)



**ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 5፡-**

## ምክልኻል ዘይተደለየ ጥንሲ

መረዳእታ ከምዝሕብሮ፣ ኣብተን ዝተገምገማ ጥዕና ትካላት ዝተፈላለዩ ኣብ ሓፂር ግዘን ኣብ ነዊሕ ግዘን ክቋረፁ ዝኽእሉ ሜላታት መከላኸሊ ጥንሲ ኣለው። ሽድሽቲኦን ትካላት ብኣፍ ዝውሰድ ክኒን መከላኸሊ ጥንሲ፣ ናይ ህፁፅ ግዘ መከላኸሊ ጥንሲ /EC/፣ ኣብ ማህፀን ውሽጢ ዝቅመጡ /IUDs/፣ መርፍኣትን፣ ተቖበርትን /implants/ ከምዘለወን ሪፓርት ገይረን እየን። ኾይኑ ግና ዋላ'ኳ መከላኸሊ ጥንሲ ምርካብ ዝከኣል እንተኾነ ናይ ኣጠቓቕማ ሓበሬታትን ምስ ወሃብቲ ግልጋሎት ዝተገበሩ ቃለመሕተታት ዝተዋደደ ኣዋህባ ግልጋሎት ከምዝጎድሎ የርእዩ። IUD እንተሃለወ እኳ፣ ኣብ ዝሓለፉ ሰለስተ ኣዋርሕ IUD ዘእተዋ ወሃብቲ ግልጋሎት ፍርቀን ጥራይ ነይረን፣ ከምኡውን እቲ ናይ ምኽሪ ኣወሃህባ ፅሬት ዝተፈለየ ነይሩ። ኣብ ክልቲኦን ክልላት ዝርከቡ ኣባላት ሕ/ሰብ፣ ብፍላይ ተፈናቐልቲ /IDP/፣ ብብርኪ ክሊኒክ ግልጋሎት ምጣነ ስድራ ውሱን ከምዝኾነ ወይድማ ሙሉእብሙሉእ ከምዘየለ ሪፓርት ገይረን እየን። መብዛሕትኦም ኣብ ናይ ደገ መድሓኒት መደብራት ወይድማ ናይ ደገ ሪፈራላት ከምዝተኣማመኑ ገሊጾም እዮም፣ ከምኡውን መናእሰይ ደቂ ኣንስትዮ ህፁፅ መከላኸሊ ጥንሲ ናይ ምርካብ ሕፀረት ከምዘለወን ተዛሪበን እየን።

ኣብ ምጣነ ስድራ ዘሎ ዝተሓተ ግንዛበን ኣፈታሪካትን ኣብ ሞንጎ መሃብቲ ሓለዋ ጥዕና እውን ኣለው እዮም። እዘም እምነታት ኣወሃህባ ግልጋሎት ክፀልውን ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ስነ-ተዋልዶ ናፅነት ዘዳኽሙን እዮም።

ዋላኳ ገለ ተረካብነት እንተሃለወ፣ ካብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ዝተውፃእፁ ተሳተፍቲ ኣብ ግልጋሎታት መከላኸሊ ጥንሲ ግልፂ ዝኾነ ተበፃሕነት ክፍተታት ከምዘለው ሪፓርት ገይሮም እዮም። እዚ መብዛሕትኡ ግዘ ግልጋሎታት ኣብ ቀዳመ ሰንበት ዘይምህላውን ብተደጋጋሚ ብዝኸሰቱ ናይ ምጣነ ስድራ ቐረባት ሕፀረት ምኽንያት ናይ መከላኸሊ ጥንሲ ኣማራፅታት ብምግዳቡ እዩ።

**ዕላማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) 6፡-**

## ምቅንጃው ኹለንተናዊ ግልጋሎት ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH)

ኣብ ሓደሓደ ከባብታት ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ ካብ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ናብ ግልጋሎታት ኹለንተናዊ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) ናይ ምሽግጋር ከይዲ ተጀሚሩ እዩ። ፈንድ ህዝቢ ሕቡራት መንግሥታት (UNFPA) ቐንዲ መረዳእታ ወሃቢ፣ መንግስቲ ብጎንፂ ኣብ ዝተጎድኡ ከባብታት ግልጋሎታት ጥዕና ብቕልጡፍ ንምምላስ ዝገበረ "ምጽማድ" (twinning) ሜላ ኣድኒቑ እዩ። በዚ ሜላ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ሆስፒታላት ኣብ ክልል ኣምሓራ ንዝተጎድኡ ትካላት ናይ ዳግመ ህንፀትን ናይ ሰራሕተኛታት ምደባ ሓገዝ ይገብሩ። እዚ ሜላ ኣብ ውሽጢ ሪፈራል ሆስፒታላት ግልጋሎት ኣብ ምንቅቓሕ መዳይ ዕውት ኮይኑ እዩ።

ብመሰረት እቶም ዝተቐመጡ ስታንዳርድታት፣ ኹለንተናዊ ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ብዝተኽኣለ ፍጥነት ናብ መበእታዊ ክንክን ጥዕና ክፅንበሩ ይምረፅ። ኾይኑ ግና በቲ ናይ ፅፈት ርካባት መሰረት፣ ናብ መበእታዊ ክንክን ጥዕና ናይ ምፅንባር ከይዲ ሕዚ እውን ዝተዋደደ ኣይኮነን። መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ገና ኣብቲ ናይ ሰብሞያ ጥዕና ናይ ቅድመ ግልጋሎት ስልጠና ካሪከለም ኣይተኻተተን። መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ናብ ኹለንተናዊ ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ኣብ ምሽግጋር ዘሎ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ሕፀረት ገንዘብ እቲ ቐንዲ እዩ። ናይ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ስርዓት ክላስተር፣ ወቕታዊ ሽግግርን ናይ ገምጋም ትልሚ፣ ዘላቒ ሓገዝ ገንዘብ፣ ከምኡውን ናይ ሰብኣውን ናይ ልምዓትን ተሳተፍቲ ምውዳድ፤ ግልጋሎታት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ኣብ ስፍሕ ዝበለ ናይ መበእታዊ ግልጋሎት ክንክን ጥዕና ስርዓት ንምክታት ኣድለይቲ እዮም። ስልጠና ሰራሕተኛ፣ ፅገና መሰረተ ልምዓትን ናይ ማ/ሰብ ጥዕና ትምህርቲ ንዘላቒ ናይ ግልጋሎት ኣወሃህባ ቅድመኹነት ተገይሮም ተጠቒሶም እዮም።

### ውሑስ ናይ ምንፃል ጥንሲ ግልጋሎታት ምርካብ

ካብተን ዝተገምገማ ሽድሽተ ትካላት ውሽጢ እተን ሓሙሽተ (ኣብ ኣምሓራ ዘላ ሓንቲ ከይሓወሰ) ብብሄራዊ መምርሒ መሰረት ውሑስ ናይ ምንፃል ጥንሲ ግልጋሎታት ይህባ፣ ከምኡውን ሽድሽቲኦን ክንክን ድሕረ ምንፃል ዝህባ እንትኾና፣ መብዛሕትኦን ሜላ ቫኩዩም ኣስፓይሬሽን ይጥቀማ። ኣብ ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ውሽጢ ውሑስ ምስ ዘይኮነ ምንፃል ጥንሲ ተተሓሒዙ ሓደ ናይ ኣዴታት ሞት ሪፓርት ተገይሩ እዩ። ሓደሓደ ናይ ምንፃል ጥንሲ ክንክናት እንትተረኽቡ እውን፣ውሑስ ግልጋሎታት ምንፃል ጥንሲ ብኣገዳስነት የድልዩ እዮም። ቑልፊ ሓበሬታ ወሃብቲ ድማ ዘይውሑስ ምንፃል ጥንሲ ሪፓርት ከይተገበረ ከምዝተርፍ ገሊፆም እዮም።

ብፍላይ ብዙሕ ግዘ ናይተን ካብ ውልቀ ፋርማሲታት ሓገዝ ዝደልያ ግዳያት ምድፋር ሪፓርት ኣይግበርን፣ እዚ ድማ ነቲ ሓደጋ ይውስኾ። ኣብ ክልል ኣምሓራ ድሕሪ ጎንፂ ምስ ናይ ምድፋር ጉዳያት ብዝተተሓሓዘ ናይ ምንፃል ጥንሲ ሕክምና ጠለብ እንትውስኽ ተራእዩ እዩ። ቅድም ኢሉ ብበዝሒ ዘይነበሩ ውሕስ ዘይኮኑ ባህላዊ ሜላታት ምንፃል ጥንሲ ኣብ እዋን ፀገም ተመሊሶም እዮም ይብሉ ከምኡውን ንሞት ኣዴታት ምኽንያት ምኺኖም ቐፂሎም እዮም። እቲ ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ ዳታ እውን ናይ ዓቕሚ ክፍተታት ኣጉሊሁ እዩ፣ 50% ዝኾና ጥንሲ ንምንፃል ማኑዋል ቫክዩም ኣስፓይሬሽን (MVA) ከምኡውን ሚሶፕሮስቶል ይጥቀማ።

## ኣብ ኣፈፃፀማ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ዘለው ተወሰኽቲ ስግኣታትን ቑዳምነታትን

ብመሰረት ኣባላት ማ/ሰብ ኣብ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ናይ ግልጋሎት ኣወሃህባ ብድሆታት እዚ እውን ብዙሓት እዮም። ኣብ መፅለሊ ተፈናቐልቲ ዝርከባ ክሊኒካት ፍሉይ ክንክን፣ ኣድለይቲ ቐረባትን እኹላት ሰራሕተኛታትን ይጎድልወን እዮም። ቑልፊ ሓበሬታ ወሃብቲ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ትግበራ መብዛሕትኡ ግዜ ምላሽ ወሃቢ (reactive) ከምዝኾነን፣ ድልውነትን ትልምታት ምላሽን ዝጅምሩ ሃንደበታዊ ሓደጋታት ድሕሪ ምኽሳቶም ጥራይ ከምዝኾነ ይገልፁ። ከም ዝተመሓየሸ ተፃዋርነት ፀገምን ምትእኽኻብ ሃብትን ኣብ ዝኣመሰሉ ሓደሓደ ኣወንታዊ ምዕባለታት እንተሃለው እኳ፣ ናብ ኹለንተናዊ ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ዝግበር ምስግጋር ምውዱድ ዝጎድለ ኮይኑ ኣሎ፣ እዚ ድማ ብኣብዝሓ ብዘላቒ ምፍንቓልን ብሃንደበታዊ ሓደጋን ኣብ ሞንጎ ተሳተፍቲ ልምዓት ብዘሎን ድሩት ምቅንጃው ምኽንያት እዩ።

ኣብ ሞንጎ ዝተገለሉ ማ/ሰባት ተመጣጠንቲ ዘይኮኑ ፀገማት ኣለው። ብመሰረት ኣባላት ማ/ሰብ፣ ጎራዙ መናእሰይን ጉዱኣት ኣካልን ሕዚ እውን እኹል ግልጋሎት ኣይረኽቡን። ኣብ መፅለሊ ተፈናቐልቲ ውሽጢ ማእኸላት መናእሰይ የለውን፣ ከምኡውን ኣካላዊ፣ ማሕበራውን ኣመለኻኽታ ተንከፍ ማሕለኻታት ጉዱኣት ኣካል ግልጋሎታት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ንከይረኽቡ ምግባሮም ቀፂሎም ኣለው። ከም ናይ ቡን ስነ ስርዓታትን ተሳትፎ ማ/ሰብን ዝኣመሰሉ ሜላታት ተሳትፎ ማ/ሰብ ተፈናቐልትን ማ/ሰባትን ብዛዕባ ምክልኻል ፆታዊ ጥቕዓት፣ ግልጋሎታት ምጣነ ስድራ፣ ብዛዕባ ዝርከቡ ግልጋሎታት ክሊኒክን ናይ ሪፈራል መንገድታትን ንምምሃር ኣብ ጥቕሚ ውዒሎም እዮም።

# መጠቓለሊ

ኣብ ኢትዮጵያ ክልላት ትግራይን ኣምሓራን ትግበራ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) በቲ ዝቐፀለ ጎንፂ፣ ውሱን ብዝኾነ ሃብትን ብሕፅረት መሰረተ ልምዓትን ምኽንያት ዓበይቲ ፀገማት ገጢሞምዎ እዮም። መሰረታዊ ግልጋሎታት ንምቕፃል ፃዕርታት እንተተገበሩ እኳ፣ እቲ ናይ ጣልቃ ምትእትታው ፓሌጅ ብሙሉእነት ኣብ ምቕራብ መዳይ ክፍተታት ኣለው። ፓለቲካውን ናይ ፀጥታ ኹነታትን ነቶም ተበግሰታት ምላሽ ኣብ ምሃብን ኣብ ዘላቕነትን ዓብይ ፅዕንቶ ብምሕዳሮም፣ ብብርኪ ሃገርን ክልልን ዘሎ ውህደት ምውዳድ ዝጎዶሎ ኮይኑ ኣሎ። ናይ ውሽጢ ዓዲ ወሃብቲ ሓለዋ ጥዕና ዓቕሚ፣ ብፍላይ ከም ክንክን ፆታዊ ጥቕዓት፣ ምክልኻል ኤች አይ ቪን/ብፆታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማትን ከምኡውን ምጣነ ስድራ ኣብ ዝኣመሰሉ ዓውድታት፣ ተዘማዲ ስልጠና ናይ ምርካብ ዕድል ውሱን ብምዃኑ ሕዚ እውን እኹል ኣይኮነን።

ኣብ መሰረተ ልምዓት ጥዕና ዘሎ ፅዕንቶ፣ ጉሕለት፣ ዕንወት፣ ዘየተኣማምን ቀረብ ኤሌክትሪክ፣ ሕፅረት ማይን እኹል ዘይኮኑ ስርዓታት ሪፈራልን፣ ነቲ ኣወሃህባ ግልጋሎት ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) ዝበለፀ ኣዳኺሞምዎ እዮም። ኣገደስቲ ግልጋሎታት ምርካብ፣ ብፍላይ ኣብ ዘባታት ጎንፅን መፅለሊ ተፈናቐልትን ውሽጢ፣ ብናይ ሎጂስቲክስ ብድሆታት፣ ድኹም ውህደት፣ ትሑት ግንዛበ ማ/ሰብን ሱር ዝሰደደ ማሕበራዊ ምግላልን ባህላዊ ልምድታትን ምኽንያት ተዓጊቱ እዩ። ከም ሜላ “ናይ ሆስፒታል መዛዙት”ን ናይ ክልላዊ ውህደት መዋቕራትን ምጥዕዓም ኣብ ዝኣመሰሉ ናይ ሕውየት ፃዕርታት ሓደሓደ ምምሕያሻት እንተሃለው እኳ፣ ናብ ኹለንተናዊ ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ዝግበር ስግግር ዝንጉዕን ዘይተዋደደን እዩ።

ካብ ናይ ህፁፅ ግልጋሎት ጥዕና ክፍተታት ሓሊፉ፣ ናይ ነዊሕ ግዘ ስራሕትታት፤ ሓለዋ ጥዕና ምጥንኻር፣ ውህደት ግልጋሎት ምምሕያሽን ከም ጎራዙ መናእሰይን ጉዱኣት ኣካልን ዝኣመሰሉ ተቓላዕቲ ክፋላት ማ/ሰብ ከይርስዑ ቐዳምነት ክህቡ ኣለዎም። እቶም ዘለው ማሕለኻታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ሓፈሻዊ ጠለባት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ንምምላእን ኹለንተናዊ ተበፃሕነት ግልጋሎት፣ ዘላቕን ነቲ ጸናዓበየ ዝኸይድ ሰብኣዊ ኹነታት ምላሽ ዝህቡ ምዃኖም ንምርግጋፅ ዘላቕን በዓል ብዙሕ ዓውዲ ምትሕብባርን፣ እኹል ሓገዝ ገንዘብን ትኹረት ዝገበረ ጣልቃ ምትእትታውን ኣድለይቲ እዮም።

# ማዕዳታት

እዞም ዝስዕቡ ማዕዳታት ብቑልፊ ሓበሬታ ወሃብትን ብተሳተፍቲ ጉጅለ ምይይጥን ካብ ዝቐረቡ ናይ መመሓየሺ ርኢቶታት ከምኡውን እቶም ተመራመርቲ ካብቲ ጥብቂ ዝኾነ ናይ ሰነድ ገምጋምን ኣብዚ ፅንዓት ካብ ዝተገበረ ትንተና ብምብጋስ እዩ። እዞም ማዕዳታት ንኣባላት ብሄራዊ ጉጅለ ስራሕን ቐሪቦም ድጋፍ ረኺቦም እዮም። እዞም ቑልፊ ማዕዳታት ብመሰረት ዕላማታት መሰረታዊ ናይ መጀመርታ  ጥሙር ግልጋሎት (MISP)ን እዞም ስጉምትታት ንቕድሚት ንምውሳድ ኣብ ዝሓሸ ኹነታት ብዘለው ናይቲ ስርዓት ተሳተፍቲ ተደራጅዮም ኣለው።

## ንሚኒስትሪ ጥዕናን ንኢንስቲትዩት/ትካል ሕብረተሰብ ጥዕና ኢትዮጵያ ን

- ናይ ክልል ናይ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) ውህደት ኣካላት ብግልፂ ናይ ስራሕ መምርሒታት (ToRs)፣ ስሩዕ ናይ ኣኼባ መርሃግብርታትን ናብ ብሄራዊ መድረኽ ውህደት ሪፖርት ናይ ምግባር ግቡእ ብምክታት፣ ኹነታት ብብርኪ ከባቢ እንተተቐያየሩ እኳ ናይ ኣመራርሓ ውሰነ ኣወሃህባ ቐፃልነት ንምርግጋፅ ትካላዊ ምግባር።
- ንግልጋሎታት ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) ዝተፈለየ ጥንኩር ናይ ሃንደበታዊ ድልውነትን ምላሽን ትልሚ (EPRP) ምድላውን ምትግባርን፣ እዚ ድማ ናይ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ናይ ሓደጋ ግዘ ኪታት፣ ዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታትን ኣብ ሓደጋ ግዘ ቕልጡፍ ናይ ሎጂስቲክስ ድጋፍ ምህላዎም ንምርግጋፅ ሃብትን ገንዘባዊ ሓገዝን ከፋፊልካ ምምዳብ።
- ምድግጋም ንምንካይን ዝተዋሃሃደ ኣወሃህባ ግልጋሎት ብፍላይ ንግዳያት ፆታ-ተኮር መጥቃዕትን (GBV) ኤችአይቪ ዘለዎም ሰባትን ምጥንኻር ክኽኣል ምእንታን፣ ናይ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH)፣ ግዳያት ፆታ-ተኮር ጥቕዓት (GBV)ን ኤችኣይቪን ንኡስ-ክላስተራት ናይ ሓባር ዕላማታት፣ ምንቅስቓሳትን ናይ ሃብቲ ምደባን ማዕቐፋት ዝሓዘ ናይ ሓባር ዓመታዊ ወይድማ ህፁፅ መደባት ስራሕ ምድላውን ምትግባርን።
- ተሓታትነትን ቴክኒካዊ ኣመራርሓን ንምዕባይ፣ ኣብ ኩሎም ብርክታት ሰብኣዊ ሓገዝ ኣድማዒ ናይ መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ትግበራ ንክህሉ ናይ ውሳነ ኣወሃህባ ስልጠናን ናይ ሎጂስቲክስ ሓገዝ ዘለዎም ዝሰልጠኑ፣ ናይ ሙሉእ ግዘ መተሓባበርቲ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH) ብፀገም ንዝተጎድኡ ሕድሕድ ክልላት ምምዳብ።

- ምስ ናይ ትግበራ መሓዙትን ምስ ኤጀንሲታት ውድብ ሕቡራት መንግስታትን ብምትሕብባር ኣብ ቅልውላው ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ናይ ቴክኒክ ውህደት ጉጅለታት (ሰብሞያ ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና (SRH)፣ ፆታ-ተኮር ጥቕዓት (GBV)ን ኤችአይቪን) ንምምዳብ ዘኽእል ናይ ህጹጽ እዋን ምላሽ ሞዴል (surge model) ምምስራት።
- ኣብ መንጎ ሃገራውን ክልላውን ደረጃታት ናይ ጸብጻብ ፍልልያት ንምፍታሕ ማእኸላይ ናይ ምቁጽጻር ሜላ ምምስራት
- መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ (ንሓካይም፣ ነርስታት፣ ሚድዋይፈሪታት) ክኣቱ ምግባር። እዚ ድማ ኣብ ህጹጽ ጸታዊን ስነትዋልዶን ጥዕና ግልጋሎት፣ መሰላት ስነተዋልዶን ጸታ መሰረት ዝገበረ ዓመጽን ዝምልከት ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ስልጠና የጠቓልል።
- ካብ ምላሽ ሃንደበታዊ ሓደጋ ናብ ሓፈሻዊ ግልጋሎት ፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕና ኣብ ናይ ምስግጋር ለውጢ ንመሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት ዕላማታት ቀፃልነት ዘለዎ ናይ ገንዘብ ድጋፍ ንምርግጋፅ ካብ ጠቅላላ ናይ ጥዕና በጀት ንፆታውን ስነ-ተዋልዶን ጥዕናን ንፆታ ቶኮር ጥቃዓት ምክልካልን ምሕካምን እኹል በጀት ምምዳቡ ምርግጋፅ።
- ምስ ናይ ክልላት ቢሮ ጥዕና ብምትሕብባር ኣብ ዙርያ ኣዴታትን ናፅላታትን ሞት ዝግበር መፅናዕቲ (maternal and perinatal death surveillance and response (MPDSR)) ብምክያድ ንኣዴታትን ናፅላታትን ክንክን ጥዕና ናይ ተሓታትነት ስርዓት ምጥንኻር።
- ምስ ናይ ክልላት ቢሮ ጥዕና ብምትሕብባር ውፅኢታዊ ምላሽን ናይ በጀት ምምዳብ ስርዓትን ንክህሉ ናይ ኣባላዘር ሕማማት ምርመራን መረዳእታ ናይ ምእካብ ስርዓትን ምጥንኻር።

## ንገበርቲ ሰናይ፣ ንትካልት ውድብ ሕቡራት መንግስታት፣ ንመሓዙት ትግበራን ማሕበራት ሰብ ሞያን

- ንሕብረተሰብ ማእኸል ዝገብሩ ግልጋሎታት ኣድማዕነቶም ዝንክዩ ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ብምንካይ፣ ንቐዳሞት ግልጋሎታት ዝበለፀ ቐጥታዊ ድጋፍ ገንዘብ ንክግበር ምጉስጓስ ወይድማ ምውሓስ።
- ኣብ ሞንጎ ሰብመዚ ክልላት፣ ኤጄንሲታት ጥዕና፣ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ዓለምለኻዊ ትካላትን ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ዘሎ ውህደት ምዕባይ። እዚ ንግዳያት ፆታተኮር ጥቕዓት (GBV) ዝበለፀ ኣድማዒ ምክልኻልን ምላሽን ንምሃብ፣ ከባብያዊ ትካላት ጥዕና ብዝሰልጠኑ ሰራሕተኛታት ንኣተሓሕዛ ጉዳያት ግዳያት ፆታ-ተኮር ጥቕዓት (GBV) እኹል ሃብትታት ምምላእ ይሓውስ።
- ሕፅረት ግልጋሎት ኣብ ዘለወን ክልላት፣ ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ፣ ናይ ግልጋሎት ሓደ ማእኸል መውሃብቲ (OSCs) ቁፅሪ ምውሳኽ። እዚ ድማ ንግዳያት ናይ ኹለንተናዊ ክንክን ተበፃሕነት ንምስፋሕ፣ ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታት ሓለዋ ጥዕና ኣብ ናይ ምድፋር ክሊኒካዊ ኣተሓሕዛ (CMR) ምስልጣን ከምኡውን ናይ OSC አውትሪች ኣብ ገፀር ርሕቕ ኢሎም ናብ ዝርከቡ ከባብታት ምስፋሕ።
- ንግዳያት ግዳያት ፆታ-ተኮር ጥቕዓት (GBV) ብፍላይ ኣብ ርሕቕ ዝበሉን ብጎንፂ ዝተጎድኡን ከባብታት ናይ ሴፍ ሃውሰት ቁፅሪ ምውሳኽ ። ከምኡውን ግዳያት ኣብ ውሑስ ከባቢ እግሪ ክተኽሉ ንምሕጋዝ ዝወሃቡ ግልጋሎታትን ሓገዛት ሕክምናዊ ክንክን፣ ድጋፍ ሕጊ፣ ሞያዊ ስልጠናን ዳግመ ውህደት ሕ/ሰብን ምጥንኻር።
- ብዝሰልጠኑ ሰብሞያ ምሕራስ/ምውላድ፣ ክንክን ድሕረ-ወሊድ፣ ናይ ዕሸላት ናይ ሓደጋ ምልክታትን ስለዘለው ግልጋሎታትን ዝምልከት ትኩር ተሳትፎ ማ/ሰብን ንበህሊ ዝስማዕምዑን ናይ ት/ቲ ጥዕና ወፍርታት ብምግባር ናይ ኣዴታትን ዕሸላትን ጥዕና ምልላይ።
- ኣብ ክንክን ሃንደበታዊ ወሊድን ዕሸላትን፣ ምጣነ ስድራ ድሕረ-ወሊድ፣ ክንክን ድሕረ ምንፃል ጥንሲ፣ ውሑስ ብዝኾነ ናይ ምንፃል ጥንሲ ክንክንን ኣብ ሃንደበታዊ መከላኸሊ ጥንሲ ትኩር ስልጠናን ምምኻርን (መነቓቕሕታትን ኣብ ግልጋሎት ዝወሃቡ ስልጠናታትን) ምሃብ። ኣብዚ እዋን እዚ ንጎራዙ መናእሰይን ንዘይተመርዓዋ ደቂ ኣንስትዮን ሓቛፊ ክንክን፣ ኣብ መሰል ዝተመስረተ ምጣነ ስድራ፣ ከምኡውን ብድጋፍ ወሃቢ ቑፅፅር ኣቢሉ ኣብ ስሩዕ ናይ ፍልጠት ምዘና ትኹረት ምሃብ።

## ንቢሮ ጥዕና ክልላት፣ ንኢንስቲትዩት/ትካል ሕ/ሰብ ጥዕና ክልል፣ ንቢሮ ደቂ ኣንስትዮን ማሕበራዊ ጉዳይን

- ምስ ኤችኣይቪ ዝተተሓሓዘ ምግላልን ዝተሰሓሓተ መረዳእታን ንምፍታሕ፣ ኤችኣይቪ ዘለወን ኣዴታት ብዝምልከት በቲ ሕዚ ዘሎ ናይ WHO መምርሒታትን ቅድመ ተቓላዕነት ኤችኣይቪ ዝውሰድ መከላኸሊ (PrEP) ኣብ ምክልኻል ዘለዎ ግደ ብዝምልከት ንወሃብቲ ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) መደበት ስልጠና ምትግባር።
- ናይ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) መሰረታዊ ናይ መጀመርታ ጥሙር ግልጋሎት (MISP) ናይ ሃንደበታዊ ኪታት ዳግም ኣብ ምክፍፋል መዳይ ምስ ከባብያዊ ሰብመዚ ዝመፅእ ተቓውሞ ምፍታሕ። እዚ ንምፍታሕ፣ ኣድለይቲ ኪታት ናብ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት መቕረብቲ በታታት፣ ዝተፈላለዩ ወረዳታት ሓዊሱ፣ ንምዝርጋሕ ነቶም ኪታት ብምኽፋት ወይድማ ከም “ዲኪቲንግ” / de-kitting/ ዝኣመሰሉ ኣማራፂ ሜላታት ምጥቃም። እዚ ድማ እቶም ቐረባት ከይተጠቐሙሎም ግዚኦም ከይሓልፍ ይከላኸል።
- ናይ RH ኪታት ሙሉኣት ምዃኖም፣ ኣብቶም ናይ ቐረብ ሰንሰለታት ዘለው ምዝንጋዓት ብውሑዱ ንምንካይ፣ ከምኡውን ትካላት ኣድለይቲ ናውቲ (ንኣብነት ኮንዶም፣ ናይ STI ናውቲ ሕክምና፣ ንፁህ ናይ ወሊድ ናውቲ፣ ኣድላይ ናይ ዕሸል መሳርሒታት፣ ቐረባት ምጣነ ስድራ/IUD እኩባት) ውፁእ ብዝኾነ መልክዑ ምርካበን

ምርግጋፅ። ናይ ሪልታይም ዳሽቦርድታት ወይድማ ተንቀሳቓሲ ሪፖርት መቕረቢ መሳርሕታት ብምጥቃም ወቕታዊ ናይ መሊስኻ ምምላእ ስራሕቲ ምትግባርን ወርሓዊ ኩነታት ቐረብ ምቁፅፃር።

- ኣብ ብሄራውን ክልላውን ናይ ቐረብ ማእኸላት/መኻዚኖታት ዘሎ ናይ ርክብ ምውዳድ ብምምሕያሽ፣ ኣድለይቲ ናይ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ቐረባት ናይ ምብፃሕ ሜላታት ምጥንኻር።
- ግልጋሎታት ምጣነ ስድራ ምስ ብሄራዊ መምርሒታት ብዝጠዓዓም ሚስጥራዊ፣ ውሑትን ወቕታውን ክንክን ድሕረ ምንፃል ጥንሲ ምውዳድ። ቅድሚን ድሕርን ምንፃል ጥንሲ ናይ ምጣነ ስድራ ማዕዳን ሜላታትን ኣቕርቦት ምሃብ፣ ግልጋሎት ወሃብቲ ካብ ምግላል ናፃ ዝኾነ ናይ ምንፃል ጥንሲ ክንክን ምስልጣን፣ ከምኡውን ንሕክምናን ንመጥባሕትን ኣማራፂ ዝኾኑ ቐረባት ኣድለይቲ ኣብ ዝኾኑ ኪታት ምክታት።

## ንከባብያዊ ምምሕዳራት፣ ንቤት ፅሕፈታት ጥዕና ወረዳታት፣ ንትካላት ጥዕና ወይድማ ንማሕበረሰብ-ተኮር መዋቕራት

- ንዝተገለሉ ክፋላት ሕ/ሰብ ዝተዳለው ናውቲ ትምህርትን ግልጋሎታትን ንምቕራብ ምስ ከባብያዊ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ሕ/ሰብ መሰረት ዝገበሩ ትካላትን ምትሕብባር።
- ኣብ መፅለሊ ተፈናቐልቲ ውሽጢ ንዝርከቡ መናእሰይ ተባዕትዮን ኣዋልድን ዝተፈላለዩ፣ ንዕድምኦም ዝምጥን ቦታታት ኣብ ትካላት ጥዕና ውሽጢ ምፍጣር። እዞም ቦታታት ኹለንተናዊ ግልጋሎት ምኽሪ፣ መከላኸሊ ጥንሲ ምርካብን ከም ፆታዊ ጥቕዓት ዝኣመሰሉ ጉዳያት ንሕባር ውሑስ ቦታ የቕርቡ።
- ከም ሓሳብ መውሃቢ ሳንዱቕ፣ ናይ ማ/ሰብ ኣኼባታትን ተንቀሳቓስቲ ዳህሳሳትን ብዝኣመሰሉ ስሩዕ፣ ዝተዋቐሩ ናይ ግብረመልሲ ሜላታት ኣቢልካ ተሳትፎ ማ/ሰብ ምጥንኻር። እዚ ድማ እቲ ማ/ሰብ ኣብ ትልምን ምዘናን ግልጋሎታት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ከምዝሳተፉ የረጋግፅ።
- ብፍላይ ብጎንፂ ኣብ ዝተጎድኡ ከባብታት ንዝርከቡ መናእሰይ ዝተዳለው ማ/ሰብ ተኮር ናይ ኣውትሪች መደባትን ተንቀሳቓስቲ ክፍልታት ጥዕናን ምልላይ። እዚ ወቕታውን ውሑስን ግልጋሎት ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ምርካቦም የረጋግፅ።
- ግልጋሎታት ኣብ ዝረኸቡሉ ግዘ፣ ብፍላይ ሃብቲ ንምምዳብን ንድጋፍ ኢኮኖሚያዊ ዳግም ውህደት ምስ ከባብያዊ ሰብመዚ ወይድማ ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኣብ ዝተሓባበሩሉ ግዘ ናይ ግዳያት ምስጢር ምሕላው።

- ናይ ግዳያት ፆታ-ተኮር ጥቕዓት (GBV)፣ ዘለው ግልጋሎታት፣ ክንክን ውሑስ ምንፃል ጥንስን ናይ መቕርብ ጥቕዓት (IPV) ግንዛበ ንምዕባይ ብሰብሞያ ነርስታት ዝምርሑ ዘተታት ማ/ሰብ፣ ናይ ገዛ ዑደታትን ስሩዕ ዘይኮኑ ኣኼባታት (ንኣብነት ናይ ቡና ስነስርዓታት) ምጥቃም።
- ናይ ብዙሓት ናይ ፆታዊ ርክብ መሓዙት ዘለወን ደቂ ኣንስትዮን ንሰራሕተኛታት ፆታዊ ርክብን ናይ መከላኸሊ ክፍተት ምምላእ፣ ብፍላይ ኣብ መፅለሊ ተፈናቐልቲ (IDP camps) ውሽጢ ንዝርከቡ ቐንዲ ክፋላት ሕ/ሰብ ኤችኣይቪ/STI ተኮር ትምህት ናይ ምብፃሕ መደባት ምስፋሕ።
- ናይ ትካላት ጥዕና ተበፃሕነት ብምምሕያሽ (ንኣብነት፦ መእተዊ በርታት፣ ሽቓቕት፣ ናይ ምምኻር ክፍልታት)፣ ጉዱኣት ኣካል ዝድግፉ ሓበሬታትን ርክባትን ብምቕራብ፣ ከምኡውን ሰራሕተኛታት ሓለዋ ጥዕና ኣኽብሮት ዝተመልኦን ብቑዕን ክንክን ንክህቡ ስልጠና ብምሃብ ንጉዱኣት ኣካል ናይ ጥዕና ፆታን ስነ-ተዋልዶን (SRH) ተበፃሕነት ምዕባይ።
- ምክልኻልን ክንክን ኤችኣይቪ ቐዳምነት ንክወሃቦ ምስ ከባብያዊ መራሕትን መዳርግቲ ኣካላትን ዝግበር ምትሕብባር ብምዕባይ፣ ብብርኪ ሕ/ሰብ ዘሎ ናይ ኤችኣይቪ/ኤድስ ሽለልተኝነት ምፍታሕ።
- ኣብ ኤችኣይቪ/ኤድስ ዘሎ ግንዛበ ንምዕባይን ምግላል ንምንካይን ከም ክለባት ኤችኣይቪ/ኤድስ፣ ማሕበራት ሲቪክን መሰረታዊ ተበግሶታት /ትን ዝኣመሰሉ ማ/ሰብ ተኮር መደባት መሊስኻ ምጥያሽ።
- እቲ ናይ ሪፈራል ስርዓት ንምጥንኻርን ኣብ ምሸትን ቀዳመሰንበትን ሽፋን ዝህብ ውሑስ፣ ብነዳዲ ዝተደገፈ ግልጋሎት ኣምቡላንስ ዝተዋደደ መረብ ብምጥያሽ ናይ 24/7 ናይ ሃንደበታዊ መጓዓዝያ ከምዝርከብ ምርግጋፅ።
- ተፈናቐልቲ ናይ ዘለውዎ ከባቢ መራሕቲ፣ ሰራሕተኛታት ጥዕና ኤክስቴንሽን (HEWs)፣ መሓዙት መማህራንን ናይ መናእሰይ ክበባትን ብዛዕባ ኣማራፅታት ምጣነ ስድራ፣ ብዛዕባ ውሑስ ሃንደበታዊ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ (EC) ከምኡውን ድሕሪ ወሊድ ዝወሃብ ናይ ጥንሲ መከላኸሊ ግንዛበ ምዕባይ። እዚ ደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ናይቲ ግልጋሎት ምህላው ትኽክለኛ ሓበሬታ ንክረኽባ ምብቃዕ እዩ።

# መወዳእታ መግለጺታት


1. MOH. 2021. Ethiopia Reproductive Health Strategic Plan (2021-2025).
2. Ethiopia: Internal Displacement Overview (as of June 2024) | OCHA (unocha.org)
3. IOM. 2022. Ethiopia - data for sustainable support to persons displaced by conflict and natural disasters and their host communities, household level survey (HHs), Amhara region (march 2024): IDPS, returning IDPs and non-displaced residents.
4. Ethiopia - Situation Report, 1 Mar 2024 | OCHA
5. Ethiopia: Floods - May 2024 | ReliefWeb
6. Ethiopia: Internal Displacement Overview (as of June 2024) | OCHA
7. Fisseha G, Gebrehiwot TG, Gebremichael MW, et al. War-related sexual and gender-based violence in Tigray, Northern Ethiopia: a communitybased study. BMJ Glob Health 2023;8:e010270. doi:10.1136/ bmjgh-2022-010270.
8. ETHIOPIA Protection Analysis Update: Update on conflict and climate-related protection risks trends
9. Gebregziabher M, Amdeselassie F, Esayas R, et al. Geographical distribution of the health crisis of war in the Tigray region of Ethiopia. BMJ Global Health 2022;7:e008475. doi:10.1136/bmjgh-2022-008475
10. Arage, MW, et al. 2022. Assessing the health consequences of northern Ethiopian armed conflict, 2022. Journal of Public Health Policy (2024) 45:43–57
11. Tsadik, M. et al. 2024. Neonatal mortality during the war in Tigray: a cross-sectional community-based study. Lancet Glob Health 2024; 12: e868–74. Neonatal mortality during the war in Tigray: a cross-sectional community-based study
12. Tadesse A, et al. 2024. Quality of neonatal health care in comprehensive specialized hospitals, Amhara Region, Ethiopia: a retrospective study with neonatal death audit. BMC Health Services Research (2024) 24:1173, 12913_2024_Article_11681.pdf

HEALTH
CLUSTER

HEALTHCLUSTER.WHO.INT